

# ገዛእ-ርእስኹም ተኻናኸኑ!

## መርመራ ምክያድ ኣብ ጉዳይ ጥዕናኹም ጥርጥር ከምዘይህሉ ይገብር

ብዛዕባ ጾታዊ ጥዕናኹም ዝኾነ ይኹን ሕቶ ኣለኩም ዶ? ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ኲነ ኣይድስ ክትፈልጡ ትደልዩ ዶ? ክንሕግዘኩም ንኽእል ኢና።

ሎሚ ሓያለይ ዓይነት ሕማማት ፍወሱ፣ ኣብ ገሊኡ ድማ ምሉእ-ብምሉእ ክሓውዩ ኣብ ዝከኣለሉ ደረጃ ተበጺሑ ኣሎ። መልከፍቲ ናይ ኤች.ኣይ.ቪ. ኣጋጢሙካ ማለት፣ ግድን ኣይድስ ክትሓምም ወይ ክትመውት ኢኻ ማለት ኣይኮነን። ብኤች. ኣይ.ቪ. ከምዝተለኸፍካን ከምዘይተለኸፍካን እትፈልጠሉ መገዲ እንኮ እዩ – መርመራ ብምክያድ።

ውጽኢት ናይ ኤች.ኣይ.ቪ. መርመራኹም ተሰከምቲ ናይ'ዚ ቫይረስ ምኧንኩም ዘረጋግጽ ምስዝኸውን፣ ብመሰረት እቶም ዘለዉ ናይ ሕክምና ኣማራጺታት፣ ንቡርን ጥዕና ዝመልኦን ህይወት እናመራሕኩም፣ ጥዑያት ህጻናት እውን ክትወልዱ ትኽእሉ ኢኹም። ብዛዕባ ኲነታትኩም እትፈልጡ ምስእትኾኑ ድማ ንካልኦት ከይትልክሙ ክትጥንቀቑ ትኽእሉ።

## ኤች.ኣይ.ቪ. ክመሓላለፈሉ ዝኽእል መገድታት፦

ምስ ወዲ-ተባዕታይ ይኹን ጓል'ንስተይቲ ዝካየድ ዘይውሑስ ጾታዊ ምትንኻፍ። ኮንዶም ካብ ኤች.ኣይ.ቪ. ከምኡ'ውን ብጾታዊ ርክብ ካብ ዝመሓላለፉ ረኽስታት (STIs) ይከላኸል።

ደም ናይ ካልእ ሰብ ዝተንከፈ መርፍእ ምጥቃም (ምናልባሽ ዕጸ-ፋርስ ኣብ ምጥቃም ክጋጥም ዝኽእል)።

ሓንቲ ኣደ መልከፍቲ ናይ ኤች.ኣይ.ቪ. ዘለዋ ምስእትከውን እሞ ዝኾነ ይኹን ናይ ኤች.ኣይ.ቪ. መድሃኒት ምስዘይትወስድ፣ እቲ ቫይረስ ናብ'ቲ ዕሸል ክሓልፍ ይኽእል (ኣብ እዋን ሕርሲ ወይ ምጥባው)።

## ምፍላጦም ኣገዳስነት ዘለዎ ሓበሬታታት፦

ሕክምናዊ ክትትል ዘይተገብረሉ ናይ ኤች.ኣይ.ቪ. መልከፍቲ ናብ ኣይድስ ከምርሕ ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ቀታሊ ክኸውን ይኽእል።

ብዛዕባ ተሰከምቲ ኤች.ኣይ.ቪ. ምኧንኩምን ዘይምኧንኩምን ባዕልኹም ክትግምግሙ ዝከኣል ኣይኮነን! ተሰከምቲ ኤች.ኣይ.ቪ. ዝኾኑ ሰባት ዝኾነ ይኹን ግዳማዊ ናይ ሕማም ምልክት የብሎምን።

ዝኾነ ይኹን ሰብ (ሃገረ-መበቆሉ፣ ዕድሚኡ፣ ጾታኡ ወይ ጾታዊ ዝንባሌኡ ብዘየገድስ) በዚ ቫይረስ ክልከፍ ተኽእሎ ኣለዎ!

## ኤች.ኣይ.ቪ. ክመሓላለፈሉ ዘይክእል መገድታት፦

ኣብ ጥቓ ብኤች.ኣይ.ቪ. ዝተለኽፉ ሰባት ብምህላው (ኣብ ገዛ፣ ስራሕ፣ ባቡር...)

ብሓባር ብምስታይን ኣብ ሓደ መኣዲ ብምቕራብን።

ምስዕዓም፣ ምድርራዝ ኲነ ምትሕቑቛፍ።

ኣሕታሚ፦ AIDS-Hilfe Potsdam
Wir fördern Gesundheit.

# ናጻ ኣገልግሎት ማዕዳን መርመራን – ኣበይ?

**Brandenburg (Havel)**

**LOCAL HEALTH OFFICE**
Klosterstraße 14
14770 Brandenburg
an der Havel
**T +49 3381 585320**

**Cottbus**

**MUNICIPALITY COTTBUS**
Puschkinpromenade 25
03044 Cottbus
**T +49 355 6132215**

**BÜNDNIS FAIRES BRANDENBURG E.V.**
Rat- und Tatzentrum
Cottbus
Straße der Jugend 33
03050 Cottbus
**T +49 321 21335991**

**Frankfurt (Oder)**

**LOCAL HEALTH OFFICE**
Logenstraße 6
15230 Frankfurt (O)
**T +49 335 5525313**

**Potsdam**

**MUNICIPALITY POTSDAM**
Local health office,
Room 505
Jägerallee 2
14469 Potsdam
**T +49 2892434/-2412**

**Landkreis Barnim**

**LOCAL HEALTH OFFICE**
Am Markt 1
16225 Eberswalde
**T +49 3334 2141601**

**Landkreis Dahme-Spreewald**

**HIV COUNSELLING OFFICE**
Beethovenweg 14
15907 Lübben
**T +49 3546 201784**

**HIV COUNSELLING OFFICE**
Schulweg 1B
15711 Königs Wusterhausen
**T +49 3375 263019**

**Landkreis Elbe-Elster**

**LOCAL HEALTH OFFICE**
Grochwitzer Straße 20
04916 Herzberg
**T +49 3535 463108**

**Landkreis Havelland**

**LOCAL HEALTH OFFICE**
Forststraße 45, House A
14712 Rathenow
**T +49 3385 5517110**

**LOCAL HEALTH OFFICE**
Goethestraße 59/60
14641 Nauen
**T +49 3321 4035306**

**LOCAL HEALTH OFFICE**
Dallgowerstr. 9
14312 Falkensee
**T +49 3321 4036820**

**Landkreis Märkisch-Oderland**

**LOCAL HEALTH OFFICE**
Klosterstraße 14
15344 Strausberg
**T +49 3346 850 6710/-6711**

**Landkreis Oberhavel**

**LOCAL HEALTH OFFICE**
Havelstr. 29
16515 Oranienburg
**T +49 3301 601 3781/-3773**

**Landkreis Oberspreewald-Lausitz**

**LOCAL HEALTH OFFICE**
Großenhainer Straße 62
01968 Senftenberg
**T +49 3573 8704326/-4322**

**Landkreis Oder-Spree**

**LOCAL HEALTH OFFICE**
Am Bahnhof 1, House 1
15517 Fürstenwalde
**T +49 3361 35 2213**

**LOCAL HEALTH OFFICE**
Brandstr. 39
15848 Beeskow
**T +49 03366-35 2213**

**Landkreis Ostprignitz-Ruppin**

**LOCAL HEALTH OFFICE**
Neustädter Straße 44
16816 Neuruppin
**T +49 3391 6885366**

**Landkreis Potsdam-Mittelmark**

**LOCAL HEALTH OFFICE**
Steinstraße 14, Room 104
14806 Bad Belzig
**T +49 33841 91306**

**LOCAL HEALTH OFFICE**
Lankeweg 4
14513 Teltow
**T +49 3328 318135**

**Landkreis Prignitz**

**LOCAL HEALTH OFFICE**
Bergstraße 1
19348 Perleberg
**T +49 3876 713549**

**Landkreis Spree-Neiße**

**LOCAL HEALTH OFFICE**
Heinrich-Heine-Straße 1
03149 Forst (Lausitz)
**T +49 3562 98615356/-16**

**Landkreis Teltow-Fläming**

**LOCAL HEALTH OFFICE**
Am Nuthefließ 2
14943 Luckenwalde
**T +49 3371 6083892**

**LOCAL HEALTH OFFICE**
Straße der Jugend 63
14974 Ludwigsfelde
**T +49 3378 803608**

**Landkreis Uckermark**

**GESUNDHEITS- UND VETERINÄRAMT**
Berliner Straße 123
16303 Schwedt/Oder
**T +49 3332 208 137**

**GESUNDHEITS- UND VETERINÄRAMT**
Karl-Marx-Straße 1
17291 Prenzlau
**T +49 3984-703 353**

**Other help offices and HIV test centres:**

**AIDS-HILFE POTSDAM E.V.**
Kastanienallee 27
14471 Potsdam
**T +49 331 95130851**

**AIDS-HILFE LAUSITZ E.V.**
Kulturzentrum
„Bunte Welt“
Thierbacher Str. 21
03048 Cottbus
**T +49 321 21335991**

**RAT & TAT ZENTRUM POTSDAM**
Jägerallee 29
14469 Potsdam
**T +49 331 240190**

LAND BRANDENBURG

This project is financed with the lottery funds of the Ministry for work, social affairs, health and family of the federal state of Brandenburg.

## መርመራ ክትገብሩ ወይ ምኽሪ ክትረኽቡ ምስእትደልዩ፣ ነዚ ዝስዕብ ክትፈልጡ ኣገዳሲ እዩ፦

እዚ መርመራ እዚ ኣብ ናይ ብራንደርበርግ ማእከላት ምኽሪ አይድስ ኰነ ኣብያተ-ጽሕፈታት ጥዕና ብናጻ እዩ ዝወሃብ። ካብ ሓኪምኩም መአዘዚ ወረቐት ክጸሓፈልኩም ኣየድልን እዩ።

ስምኩም ክትነግሩና ኣየድልየኩምን እዩ። እንህቦ ኣገልግሎት ስም-ጠቀስ ኣይኰነን።

ውጽኢት መርመራኹም ኰነ እቲ ዝወሃበኩም ምኽሪ ብምስጢራዊ መገዲ እዩ ዝተሓዝ። ንሕና ምሳኻትኩም፡ እሞ ኸኣ ብውልቂ ደረጃ ጥራይ ኢና እንዛረብ። ብምኽንያት ምስ ኤች.ኣይ.ቪ. ዘለዎ ምትእስሳር ካብ ሃገረ-ጀርመን ተሰጕጕ ዝወጽእ ሰብ የለን።

ዝኾነ ይኹን ሕቶ ምስዝህልወኩም ወይ ዝተለኸፍኩም ኰይኑ ምስዝስምዓኩም፡ ብኽብረትኩም ምስ ሓደ ካብ ኣባላት ማእከል ምኽሪ ተዛራረቡ። ንጸገምኩም ምሳኻትኩም ሓቢርና ክንፈትሖ ንኽእል ኢና።

## ንገዛእ-ርእስኹምን ንኻልኦትን ካብ መልከፍቲ ምክልኻል – ብኸመይ?

ኮምዱም ምጥቃም ካብ መልከፍቲ ኤች.ኣይ.ቪ.፣ ብጾታዊ ርክብ ካብ ዝመሓላለፉ ረኽስታት ድዩስ ዘይተደልየ ጥንሲ ክንከላኸለሉ እንኽእል ጽቡቕ ኣማራጺ እዩ። ኮንዶም ብናጻ ካብ ማእከላት ምኽሪ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ምስ መጻምድትኹም ናጻ ብምዃን ብዛዕባ ከጋጥም ዝኽእል መልከፍቲ ተዛራረቡ። ምብህሃል ኣብ ጥዕና ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ኣዝዩ ዓቢ ኣገዳስነት ዘለዎ ረቛሒ እዩ!

With the friendly support of:
Deutsche AIDS-Stiftung

## ናብ ሓኪም ምቕራብ

ዶክተራት ምስጢር ብናይ ምዕቃብ ሓላፍነት ተቐዪዶም እዮም ዝሰርሑ። ብዘይ ናትኩም ፍቓድ፡ ንዝኾነ ይኹን ዓኹም ዝምልከት ሓበሬታ ምስ ካልእ ኣካል ክካፈልዎ ኣይክእሉን እዮም (ዋላ ምስ ፖሊስ ይኹን ካልኦት ተማሳሰልቲ ትካላት-መዚ እውን እንተኾነ)። ዘይሻራውያን ኰይኖም ክሰርሑ እምበር ካብ ካልኦት ኣዳልዮም ክርእዩኹም ድዩስ ኣብ ልዕሌኹም ፍርዳዊ ኣረኣእያ ክሕድሩ ኣይፍቀደሎምን እዩ። ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ምስጢር ናይ ምዕቃብ ሓላፍነቶም ምስዝዝንግዑ ወይ ካብ ካልኦት ሰባት ኣዳልዮም ምስዝርእዩኹም፡ ካብ ማእከል ምኽሪ አይድስ ወይ ማእከላት ምኽሪ ናይ ስደተኛታት ንኩነታትኩም ዝምልከት ምኽሪ ክትረኽቡ ዝከኣል እዩ። ብዝኾነ፡ ዋላ እውን ከይሓመምኩም እንከለኹም ንጥዕናኹም ዝምልከት ዝኾነ ይኹን ሕቶ ምስዝህልወኩም፡ እቲ ክትውከስዎ ዘለኩም ኣገዳሲ ውልቀ-ሰብ ዶክተርኩም እዩ።

**ምስ’ቲ ኣገልግሎት ጥዕና ዝህበኩም ኣካል ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ./አይድስ ወይ ጾታዊ ጉዳያት ክትዘራረቡ ምስዝኸብደኩም፡ ነዚ ኣብ ዝምልከት ሳጹን ናይ ቅጥዒ፡ ናይ ‘ራይት’ ምልክት ብምጽሓፍ ንሓኪምኩም ክትህብዎ ትኽእሉ ኢኹም። ከመይ ገይሮም ከምዝሕግዙኹም ንሳቶም ዝያዳ ባዕላቶም ይፈልጡ እዮም።**

**ቅድሚ ሕጂ ዝፈጸምክዎ | Ich habe**
☐ ዘይጽሑስ ጾታዊ ርክብ (ብርሕሚ፡ መሃንቱስ) | ungeschützten Sex (vaginal, anal)
    ☐ ምስ ወዲ-ተባዕታይ | mit einem Mann
    ☐ ምስ ጓል’ንስተይቲ | mit einer Frau
☐ ናይ ደም ምትንኻፍ (ናይ ሓባር መርፍእ ምጥቃም) | Kontakt zu Blut (Spritzenaustausch, Nadel) **gehabt**

**ዘጋጠመሉ እዋን | Es war**
☐ ቅድሚ 3 መዓልትታት | vor weniger als 3 Tagen
☐ 4-10 መዓልትታት ይገብር | vor weniger als 10 Tagen
☐ ቅድሚ ወርሒ | vor 1 Monat ☐ ቅድሚ ክልተ ኣዋርሕ | vor 2 Monaten
☐ ቅድሚ ሰለስተ ኣዋርሕ ወይ ልዕሊኡ | vor 3 Monaten / Es war vor einer längeren Zeit

**ዘለኒ ምልክት | Ich habe**
☐ ቃንዛ - ኣብ ከባቢ ብልዕቲ/መሃንቱስ | Schmerzen im genitalen/analen Bereich
☐ ረስኒ | Fieber
☐ ናይ ቈርበት ቍጥዐ | Hautausschlag
☐ ቃንዛ - ኣብ ኢድ/እግሪ | Gliederschmerzen
☐ ብርቱዕ ረሃጽ | Nachtschweißausbrüche
☐ ሕበጥ ጽክታት | Lymphknotenschwellung

**ክካየደለይ ዝደልዮ ጥዕናዊ መርመራ | Ich möchte mich**
☐ ናይ ኤች.ኣይ.ቪ. | auf HIV
☐ ካልኦት ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ረኽስታት | auf andere sexuell übertragbare Infektionen **testen lassen.**